
SUNDHEDSSTYRELSEN

# ዓበቕ – ሓፈሻዊ መምርሒ




**ዓበቕ ማለት ዘሳሕይ ሕማም ቆርበት ኮይኑ፣ ጠንቂ ድማ ናብ ውሽጢ ቆርበት ፈግፊጎም ዝኣትዉ ነኣሽቱ ቁንጪ እዮም። ዓበቕ ሓደገኛ ዋላ ኣይኹን እምበር ብጣዕሚ እዩ ዘሳሕይ። ዝኾነ ሰብ ዓበቕ ክህልዎ ይኽእል እዩ – እቲ ሕማም ብርስሓት ኣይኮነን ዝመጽእ።**

### ዓበቕ ብኸመይ ክሕዘካ ይኽእል?
ናይ ዓበቕ ቁንጪ ምስ ዓበቕ ዝሓመመ ሰብ ቀጥታዊ ምትንኻፍ ቆርበት ምስዝህልው ይመሓላለፍ።

### ምልክታት ሕማም
ዓበቕ ብርቱዕ ሰሓ፣ ብፍላይ ድማ ምሸት የስዕብ።

### ሕክምናን ክትትልን
ብዓበቕ ተለኺፈ ዝብል ግምት እንተለካ፣ ምስ ሓኪምካ ክትዘራረብ ኣለካ። ሓኪምካ ነቲ ሕማም ከለልዮን ነቲ ግቡእ መድሃኒት ክእዝዘልካን ይኽእል እዩ። ነቲ ሕክምና/መድሃኒት ድሕሪ ምውሳድካ ነቲ ሕማም ዓበቕ ናብ ዝኾነ ካልእ ሰብ ከተሕልፎ ኣይትኽእልን ኢኻ። እዚ ዋላ ይኹን እምበር ድሕሪ ሕክምና ቆርበትካ ንዝተወሰነ ግዜ ከሳሕየካ ይኽእል እዩ። ዳግማይ ብዓበቕታ ክትልከፍ ትኽእል ኢኻ።

ዝኾነ ኣባል ስድራቤትካ ዓበቕ እንተሓሚሙ፣ ምስ'ዚ ሰብ ዝቕመጡ ኩሎም ሕክምና ክረኽቡ ኣለዎም።

ኣገዳሲ ነጥቢ ግን፥ ኩሉ ሰብ ኣብ ሓደ መዓልቲ ክሕከም ኣለዎ፣ ስለምንታይ ካልኦት ኣባላት ስድራ ዋላ'ውን ምልክታት ኣየርእዩ ተለኺፎም ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ካብ ስድራቤትካ ወጻኢ ምስ ዝነብር ሰብ ሽጎማነ፣ ክዳን ወይ ኣንሶላን ኮቦርታን ትካፈል እንተኾይንካ፣ እዚ ሰብ እውን ክሕከም ኣለዎ።

### ነዞም ናይ ዓበቕ ቁንጪ ካብ ምልባዕ ዝኽልክሉ ሓገዝቲ ንጥፈታት
ዓበቕታ ኣዝዩ ተላባዓይ ሕማም እዩ፣ ስለዚ ድማ ናብ ካልኦት ከይተሕልፎ ክትጥንቀቕ ኣለካ። ተላባዕነት ዓበቕታ ንምግታእ ዝሕግዙ ንጥፈታት፥

— ዓበቕታ ምስ ዘለዎ ሰብ ናይ ቀረባ ርክብ/ምትንኻፍ ኣውግድ፣ ማለት ክሳብ ዝሕከም
— ዓበቕታ ምስ ዘለዎ ሰብ ሽጎማነ፣ ክዳን ወይ ኣንሶላን ኮቦርታን ምክፋል ኣውግድ፣ ማለት ክሳብ ዝሕከም
— ነቲ ዓራትን ፈርኒቸርን ብቫኩም ኣጽርዮ፣ ከምኡ'ውን ገዛኻ ብልሙድ ሳምና ኣጽርዮ
— ሕክምና ኣብ ዝጅምረሉ መዓልቲ፣ ዘለካ ክዳን፣ ኣንሶላ፣ ኮቦርታን ሽጎማነን ኣብ 60 ዲግሪ ሙቐት ዘለዎ ውዑይ ማይ ሕጸብ